Erziehungsdepartement des Kantons Basel-Stadt

BASEL LANDSCHAFT
BILDUNGS-, KULTUR- UND SPORTDIREKTION
AMT FÜR VOLKSSCHULEN

***Flyer ‚Unterricht in der Herkunftssprache: Ein Gewinn!'*** *Übersetzung Eritrea/Tigrigna*

# ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ፡ ዓቢ ሂያብ!

ኣብ ገዛ ካብ ቋንቋ ጀርመን ፍልይ ዝበለ ቋንቋ ዲኹም ትዛረቡ? እቲ ኣብ ገዛ እትዛረብዎ ቋንቋ ኣደ ንውላድኩም ወርቃዊ ህያብ'ዩ:: ጽቡቕ ቋንቋ ኣዲኦም ዝመልኩ ህጻናት ቋንቋ ጀርመን ወይ ድማ ካልእ ተወሳኺ ቋንቋታት ብቐሊል ክማሃሩ ተኽእሎታት ኣለዎም፡ ስለ'ዚ ደቕኩም ኣብ ማእዲ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ክትልእኽዎም ይግባእ::

ኣብ ባዝል ሽታትን ባዝል ላንድን (Basel-Stadt und Basel-Landschaft) ልዕሊ ሰላሳ ዋሃብቲ ኣገልጉለት ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ ኣለዋ::

---

ጽቡቕ ቋንቋ ኣዲኡ ዝመልኽ ህጻና ካልእ ተወሳኺ ቋንቋታት ብቐሊል ክማሃር ዝላዓለ ተኽእሎ ኣለዎ:: ነዚ ሓቂ'ዚ ድማ ዝተገብሩ ሳይነሳዊ መጽናዕትታት ይገልጽዎ::መምሃራን ብወገኖም ኣብ ማዓልታዊ ስሮሖም ዝዕዘብዎ ሓቂ'ዩ::ምኻድ ኣብ ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለዎ:-

- ውላድኩም ደቂ ዓዱ ከምቲ ናቱ ተመሳሳሊ ቋንቋ ዝዛረቡ ህጻናት ክላለ ይኽእል
- ከም ውጺኢት ምልከት ቋንቋ ኣዲኡ ምስ ቢተሰቡን ፈለጥቱን ጽቡቕ ዝኾነ ዝምድና ክህልዎ ይሕግዞ፡
- ናብ መበቖል ዓዲ ኣብ ዝገሸሉ ግዜ ብቐሊል ክራዳዳእ ይኽእል ጋሻ ኾይኑ ዳማ ኣይስምዖን
- ዝተፈላለዩ ባህልታትን ያታታትን ክላለ የኽእሎ
- ብፍልጠቱ ዝሕበን ካሎኦት ቋንቋታት ክማሃር ድልየቱ ይዓቢ
- ኣብ መዩኡ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይህልዎ

### ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ ከመይ ይመስል?

ህጻናትን መንእሰያትን መበቆላዊ ቋንቋ ኣዲኦም ንኽዛረቡን ከንቡቡን ክጽሕፉን ይማሃሩ::
ምስ ባህሎም ዝተኣሳሰሩ ኣርእስትታ ንኣብነት ከም ባዓል ታሪኽ፡ ጀኦግራፊ፡ ኣመጋግባ፡ ባዓላት፡ ባህላዊ ልምድታት ዓዶም ይማሃሩ::
ዝሰልጠኑ መምሃራን ብወገኖም ብሕጉስ መንፈስ ይምህርዎም::

### ትምህርቲ ቛንቋ ኣደ ኣበይን ማእስን ይዋህብ?

እዚ ዓይነት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ኮይኑ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲታት እዩ ዝካየድ::
ኣብ ውላድኩም ዝማሃረሉ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ጥቓ ዝቕመጠሉ ቦታ ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ::
ማሕበር ወልዲ ወይ ድማ ኢንባሲ ሃገርኩም ሓላፍነት ክወስድ ይኽእል:: ወልዲ ብወገኖም ኣብ ወጻኢታት ቤት ትምህርቲ እጃሞም ከበርክቱ ይግቦኦም::

### ብኸመይ መገዲ ገርኩም ውላድኩም ኣብ ገዛ ቋንቋ ኣደ ትምህርዎ?

- ምስ ውላድኩም በቲ እትመልከዎ ቋንቋ ክትዛረቡ ይግባእ፡ ትመልከዎ ቋንቋ ማለት ትዛረቡሉን ትሓስቡሉን ትሓልሙሉን ቋንቋ ማለት'ዩ:: ወላ ኳ ውላድኩም ኣብ ግዜ ዝርርብ ብቋንቋ ጀርመን መልሲ ይሃብኩም፡ ዘረባኹም በቲ ትፈልጥዎ ቋንቋ ክትቕጽሉ ኣለኩም::.
- ንውላድኩም ኣብ'ቲ ልዕሊ ቋንቋ ኣደ ድልየት ከም ዝህልዎ ግበርዎ፡ ማለት ታሪኽ ኣንብቡሉ፡ ጽን ኢልኩም ስምዕዎ፡ ምስኡ ብሓባር ኮይንኩም መዝሙር ዘምሩ.
- እኹል መሳርሒ ክትቕርቡሉ ኣለኩም፡ ንኣብነት መጽሓፍቲ፡ መዝሙርን ታሪኽን ዝሓዘለ ሲዲ ወይ ድማ ፊልምታት::
- እንታይ ቋንቋ ይዛሮቡ ብዘይ ገድስ ውላድኩም ምስ ካልኦት ቆለውዕ ርክብ ክህልዎ ምቹእ ሃዋሁው ፍጠርሉ ::
- ምስ መምሃራን ቤት ትምህርት3 ከሙኡ ድማ መምሃራን ቤት ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ ጽቡቕ ርክብ ይሃልኹም ::

---

**መዝገባ ንትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ** HSK
ብመገዲ መምሃርን ቤት ትማህርቱ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም
ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ልዕሊ 4000 ዝቑጽሮን ህጻናት ኣብ ባዝልን ባዝልላንድን( Basel-Stadt und Basel-Landschaft )ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ ይበዝሖ ኣለዉ ::

---


## Kantonale Kontaktadressen

Daniel Aeschbach
Erziehungsdepartement Basel-Stadt | Volksschulen
Fachstelle Pädagogik
Kohlenberg 27 | Postfach | 4001 Basel
Tel. +41 61 267 90 08 | daniel.aeschbach@bs.ch
www.edubs.ch/paedagogik | www.volksschulen.bs.ch

Bildungs-, Kultur- und Sportdirektion Kanton Basel-Landschaft
Amt für Volksschulen
Sekretariat
Munzachstrasse 25c, Postfach 616, 4410 Liestal
Tel. +41 (0)61 552 50 98, avs@bl.ch
www.hsk.bl.ch